ማእኸል ቤት ህንፀት ዓብይ ዓዲ ኣብ በጀት ዓመት 2011 ዓ/ም ዝተበጀተሉ በጀት መሰረት ብምግባር ንዝተፈላለዩ ኣገልግሎት ዝውዐሉ መሳርሐታት ፅሬትን ፅሕፈትን ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክዕድግ ይደሊ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ መስከረም 10, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥቅምቲ 1, 2011 3:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:3000.00
- ቦታ:ዓ/ዓዲ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:30
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥቅምቲ 1, 2011 4:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ናይ ንፅህናን ፅሬት ኣቁሑት/ ናይ ፅሕፈት መሳሪሕታተት/

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቋሒታት

1 በቲ ዘፈር ናይ 2010 ዓ/ም ዝተሐደሰ ሕጋዊ ፍቃድ ንግዲ ዘለዎም ናይ ዘመኑ ግብሪ ዝኸፈልሉ ኣብ ናይ መቅረብቲ ዝርዝር ዝተመዝገቡ

2 ተወሳኺ እሴት ታክስ ዝተመዝገቡ ምኻኖም መረዳእታ ዘቅርቡን ናይ ኽፋሊ ግብሪ መለለይ ቁፅሪ (Tin Number) ከቅርቡ ዝኽእሉ

3 ናይ ወርሒ ነሓሰ 2010ዓ/ም ሒሳብ ዘፍለጥሉ መረዳእታ ከቅርቡ ዝኽእሉ

4 ተጫረቲ ዝተጫረትሉ መወዳደሪ ዋጋ ብዘይ ስርዝ ድልዝ መሊኦም ብንፁር ስምን ኣድራሻን ፊርማን ማሀተምን ገይሮም ፋይናንሻልን ቴክኒካልን በብበይኑ ኣብ $2^{†}$ ፖስታ ዓሺጎም ሕድሕድ ሰነድ ዋናን ቅዳሕን ተማሊኦም ኣብ ደጋፊ ከይዲ ስራሕን ዕደጋን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረትን ማእኸል ቤት ህንፀት ዓብይ ዓዲ ንጨረታ ዘተዳለወ ሳንዱቅ ከእትው ኣለዎም ።

5 ተጫረቲ ጨረታ ካብ ዝሰዓርሉ ዕለት ጀሚሮም ኣብ ውሽጢ 5 † ናይ ስራሕ መዓልቲ ሕጋዊ ውዕሊ አሲሮም መኽበሪ ውዕሊ 10% ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ከድሕዙን ዝኽእሉን ተጫረቲ ዝሳዓርዎ ንብረት ብናይ ባዕሎም መጓዓዝያ ናብ ማእከል ቤት ህንፀት ዓብይ ዓዲ ከቅርቡ ኣለዎም

6 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ዘይምለሰ 30 ቅርሺ ብምኽፋል ካብ ደጋፊ ስራሕ ከይድን ፋይናንስን ምምሕዳር ንብረት ማእኸል ቤት ህንፀት ዓብይ ዓዲ ምውሳድ ይኽእሉ

7 ተጫረቲ ዘቐረብዎ ንብረት ንምርኣይ(sample) ናብቲ ትካል መፂኦም ክርእዩን ክወስዱን ይኽእሉ

8 ከይዲ ጨረታ ኣብ ኣየር ዝፀንሐሉ ገዜ 09/01/2011-01/02/2011ዓ/ም ሰዓት 3:30 ቅድሚ ቀትሪ ተዓፅዩ ኣብቲ ዕለት 4: ቅድሚ ሰዓት ይኽፈት።

9 ተጫረቲ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 3000.00 ሽሕ ቅርሺ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረገገፀ ሲፒኦ ማለት እውን ቼክ ክትሕዙ ኣለዎም ።

10 ጨረታ ብዘይኣግባብ ንምዝባዕ ዝፈተኑ ስጉመቲ ንወስድ ኾይንና ከምኡውን ዘድሐዝዎ ገንዘብ ዝውረስ ምኻኑ ክፈልጡ ኣለዎም
11 ኣብ እዋን ጨረታ ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ክቀርቡ ኣለዎም እንተዘይቀሪቦም ጨረታ ዘይተኣገል ወይድማ ዘይቃረፅ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

ምኻኑ ንሕብር

12 እዚ ጨረታ ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብክፋል ናይ ምስራዘ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብኣካል መፂኦም ወይድማ

በቁፅሪ ስልኪ 0348-460123 0914-154817 0930-314056 ደዊልካ ምሕታት ይከኣል

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle